ዝኸበርኩም ቆሞሳትን ሕለፍቲ ገዳማትን

ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን

ርእሰ ነገር፣ ብዛዕባ ሰንበትን ኣከባብርኣን

ከረን 23 ግንቦት 2007

ሰላም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ናይ እኖና ማርያም ኣማልድነትን ምስ ኵልኻትኩም ይኹን።



ሰንበት ኣብ ሕይወት ክርስትያን ዓቢይ ቦታ ዘለዋን፣ ምሥጢረ ክርስትና እነስተንትነላን፣ ብነፍስን ብሥጋን ኣዕሪፍና ጉዳይ ድሕነትና እንሰርሓላ ዕለት ምዃና ታሪኽ ክርስትና ይምህረና።

ብምኽንያት ሕብረተሰብኣውን ቁጠባውን ለውጥታት ግን ግቡእ ክብሪ ሰንበት ኣብ ብዙሕ ክፍልታት ዓለምና ጎዲሉ ይርከብ። ኣብ ዓድናውን ግምት ሰንበት ከምቲ ናይ ቀደም ግዜ ከምዘይኮነ ባዕልና ንነብሮ ዘለና ኢዩ። ሰንበት ናይ ዕረፍቲ ዕለት ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ልዕሊ ኩሉ ናይ እምነት መዓልቲ ኢያ። ንሱ ስለዝኾነ ከኣ ኤጳርቅና ከረን ብዝተኻእለ መጠን ኣብቲ ናይ ቀደም ክብራን ልማዳን ንምምላስ ጻዕሪ ይገብር ኣሎ፣ ኣብ ምእመናና ዝርአ ዘሎ ምዝንጋዕ ዕቤት ሰንበት ክእረም ዝለዎ ኢዩ። ምኽንያቱ ሰንበት መዓልቲ ውራያትን ጉዳያትን ኮይና ምርእይ ንወዲ ክርስትና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብሕልና ዘሕትት ኢዩ።

ሰንበት ዘይምኽባር ከኣ ምፍራስ ሕጊ እግዚኣብሔርን፣ ሕጊ ቤተ ክርስትያንን ምዃኑ ክንግንዘብ ይግባእ። ኣብዚ ርድኢት ኣዚ ተመስሪትና ከኣ ኣብ ሃገረ ሰባት ብሰንበት መዓልቲ ብፍላይ መርዓን፣ ጽንብላትን ከይግበር ከልኪልና ከምዘሎና ዝዝከር ኢዩ። ንግዜኡ ክርኤ ተባሂሉ ኣብ ከተማ ከረን ዘለዋ ቍምስናታት ከም ዘለዎኦ ከምዘለዋ ዝዝከር ኢዩ።

ኣብዚ መጽናዕቲ እዚ ተመስሪትና ከኣ ቍምስናታት ከረን እውን ከምተን ካልኦት ቍምስናታት ኤጳርቅና ከረን፣ ብሕገ ሰንበት ክምእዘዛ ስለዝሰራዕና፣ ኣብ ከረን ትርከቡ ቆሞሳት ክሳብ በዓለ ቅ. ዮሓንስ ዘሎ ግዜ ንምእመናንኩም ብዝግባእ ክትቅርብዎም ሓደራ እብል። ብበዓለ ቅ. ዮሓንስ ብኣዋጅ መልክዕ ኣብ ቁምስናታት ከረን መርዓ ኮነ ጽንብላት ኣብ ሰንበት ከምዘይፍቀድ ክንገር ስለዝኾነ፣ ምእመናን ጉዳይ እምነት እምበር ማሕበራዊ ጉዳያት ጥራሕ ከምዘይኮነት ተረዲኦም ክጸንሑ ግቡእ ትምህርቲ ክወሃቦም እምሕጸን። ነዚ ጉዳይ እዚ እምነት እቲ ብሓቂ ክርስትያን ኢየ ንዝብል ዘየማትእ ከምዘይኮነ ከኣ ብሩህ ኢዩ። ኣብ ከረን እውን ሰንበት ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ዝተኣኣታተወ ደኣ እምበር ቅድም ከማኡ ከምዘይነበረ ምስክር ንሓተሉ ጉዳይ ኣይኮነን።

ስለዚ ኵልኹም ቆሞሳት ካብ ባሕቲ ሰነ 1999 ግዕዝ (08 June 2007) ጀሚርኩም ንምእመናንኩም መደብ ሰሪዕኩም ከም እትምህርዎም ይኹን።

+ኣባ ኪዳነ የዕብዮ
ብጸጋ እግዚኣብሔር ወበስምረተ መንበረ ጴጥሮስ
ጳጳስ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን

# ሰንበትን ኣከባብርኣን

ሰንበት ዝብል ቃል ምስ "ሻባት" ዝብል ስርወ ቃል ዝተተሓሓዘ ስለዝኾነ "ምዕራፍ ወይ ምቍራጽ" የስምዕ። "ምዕራፍ" ዝብል ዝተፈላልየ ትሕዝቶታት ትርጉም ክህልዎ ይከኣል። ከም ስርወ ቃል ምስ ቛንቛ ኣካዳውያን "ሻፓቱ" ምስ ዝብል ርክብ ከምዘለዎ ይንገር፣ ኣብዚ መዓልትዚ ሥራሕ ምግባር ሓደጋ ምዃኑ ይሕበር። ናይ ቋንቋ ዕብራይስጢ "ሻባት" ዝብል ናይዚ ጽልዋ ዘለዎ ይመስል። እዚ ከኣ ካብ "ሸባዕ" ሸውዓተ ካብ ዝብል ዝተወሰደ ኢዩ፣ መራሕ ዕለት ኣይሁድ ናይ ሰሙን ሻብዓይቲ መዓልቲ የመልክት። ኣይሁድ ነዚ ቃልዚ "ካብ ሥራሕ ደው ምባል" ምዕራፍ ይትርጉምዎ። ዘፍ. 8፣22፤ ኢያሱ.5፣12፤ ዘፀ.5፣5፤ ኢሳ.13፣11፤ ኤር.7፣34 እዚ ኢዩ እቲ ቅዱስ መጽሓፍ ኣብ ዘፍጥ.2፣2-3 ዝህቦ ትርጉም። ስለዚ ሰንበት፣ ሰባት ካብ ሥራሕ ዘዕርፉላ መዓልቲ ኢያ።

## ብሰንበት

- ሸቀጥ ዝኽልከለሉ (ኣሞጽ 8፣15)
- ነቲ ናይ እግዚኣብሔር ሰብ (ነቢይ) እትርኣየሉ (2ነገ.4፣23)
- ካብ ሥራሕ እተዕርፈሉ (እንስሳ ከይተረፈ) ዘፀኣ.23፣12፤34፣12 ዘዳግ.5፣12-15
- ኣብ ርእስዚ ኦሪት ዘዳግም ሰንበት ቅድስት ክትከውን ይምዕድ (2ነገ.4፣23)፣ ንናይ እምነት ነገራት ዝተሓዝኣት መዓልቲ፤ሓደ ንሰንበት ዘክብራ ቅድስት ገይሩ ምስ ዝሕዛ ጥራሕ ኢዩ ይብል፣ ዘፀ.20፣8-10፤ 31፣13-16 ኢሳ.56፣2-6
- ንሰንበት ምስዓር ማለት ከኣ ነቲ ቅድስናኣ ምርካስ ማለት ኢዩ። ነህምያ 13፣15-22፤ ኢሳ. 56፣2-6፤ ሕዝ.20፣16-26፤ 22፣8-26

## ሰንበት በዞም ዝስዕቡ ትራኺስ

- ዕድጊ/ሸቀጥ (merchandize) በዚ ምኽንያት ነህምያ ሸቀጥ ከይካየድ ብሰንበት ኣፍደገታት ኢየሩሳሌም ዓጸዎ፣ (ነህምያ 13፣15-22)
- ጾር ምስካም (ኤር.17፣21-27) እዚ ኩሉ ሰንበት ማዕረ ክንደይ ክብርቲ (ቅድስቲ) ምዃና ይሕብር።

## ኦሪት ዘፍጥ

- ሰንበት ኣምላኽ ሥራሕ ፍጥረት ዘዕረፈላ ስለዝኾነት ሰብ ከኣ ካብ ዕለታዊ ሥርሑ ኬዕርፍ ይእዝዝ (ዘፍጥ.2፣1-3)፣ ኣብ ዘፀ 20፣8-10 ተጻሒፉ ዘሎ ኣብ ሰንበት ምዕራፉ እቲ ምኽንያት፣ ኣምላኽ ኣብኣ ስለዘዕረፈ ነታ መዓልቲ፣ ቅድስት ክገብራ፣ ሰብ ኮነ እንስሳ ከሰርሕ ይእዝዝ።



1. ሰንበት ካብ ጊዜ ሓዋርያት ጀሚሩ "መዓልቲ ጎይታ" ተባሂላ ትጽዋዕ ነበረት፣ ኣብ ታሪክ ቤተ ክርስትያን ሰንበት ምስ ምስጢረ ክርስትና ብዘለዋ ምትእስሳር ፍሉይ ግምት ተዋሂብዋ ንርኢ። ምኽንያቱ መዓልቲ ትንሣኤ ክርስቶስ ስለዝኾነት፣ ንሳ ሰሙናዊ ዝክረ ትንሣኤ ስለዝኾነት ክርስቶስ ምልኣት ቀዳማይ ፍጥረትን በኹሪ ሓዲሽ ፍጥረትን ስለዝኾነት በዓል ኢያ። (2ቆሮ.5፣17) በዚ ምኽንያት እዚ ምስ ዳዊት መዘምር ኮይና "ዛቲ ዕለት እንተ ገብረ እግዚኣብሔር ንትፈሣሕ ወንትሓሰይ ባቲ" (መዝ.118፣24) ንብለላ ዕለት ኢያ።

2. መሰረታዊ ኣድላይነት ዕለተ ሰንበት፣ ኣብዚ ታሪኽ ናይ ክልተ ሽሕ ዘመን ወትሩ ንዝተፈልጠ፣ ጉባኤ ቫቲካን ካልእይ ከምዚ ቢሉ የጽድቆ፣ ንሰንበት ምክባር ከምዘድሊ ዕለተ ትንሣኤ ዝመሰረቱ ብሓዋርያት ዝተመሓላለፈ ትውፊት፣ ቤተ ክርስትያን ኣብ ነፍስ ወከፍ ሰሙን ናይ ጎይታና ዕለት ወይ ከኣ ሰንበት ተባሂሉ ዝጽዋዕ መዓልቲ ፋሲካዊ ምሥጢር ትዝክር። ስለዚ ኣብዚ መዓልትዚ ኣመንቲ ክርስቶስ ኣብ ሓደ ቦታ ንኽእከቡ ትሑዛት ኢዮም። ቃል ኣምላኽ ክሰምዑን ቅዱስ ቍርባን ክሳተፉን፣ በዚ ከኣ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ሕማማትን ትንሣኤን ክብርን ክዝክሩን፣ "ብናይ ትንሣኤ ሙታን ብብዝሒ ምሕረቱ ንሕያው ተስፋ ከምብሓዲሽ ዝወለዶም ኣምላኽ" (1ጴጥ.1፣3) ከመስግኑ ኣለዎም። ናይ ጎይታና ዕለት፣ እታ ቀንዲ በዓል ምዃና ድማ ምእመናን ክንገሩን ከመሃርዎን

ኣለዎም። ስለዚ እዛ መዓልቲ እዚኣ ብሓቂ ናይ ደስታን ናይ ዕረፍትን ትኸውን፣ ካልኦት ዝክረ በዓላት ብሓቂ ዓበይትን እንተዘይኮይኖም ካብታ መሰረትን ቀንድን ናይ ሙሉእ ሊጡርግያዊ ዓመት ዝኾነት ሰንበት ቀዳምነት ክወሃቦም የብሉን። (ቅ.ጉባኤ 106)።

3. ክሳብ ቀረባ ጊዜ ኣብ ክርስትያናዊ ባህሊ ዘለወን ሃገራት፣ ቅድስና ሰንበት ርዱእ ብምኳን ሰንበት ከም ዕለተ ዕረፍቲ ተሓጊጉ ኩሉ ሥርሓት ደው ኢሉ ክውዕል ይርኤ ነበረ። ሎሚ ግና፣ ሕብረተሰኣውን ቁጠባውን ለውጥታት ብዘምጽኦ ተጽዕኖ ቅርጻ ሰንበት ተለዊጡ ንረኽቦ። በዚ ከኣ፣ መጨረሻ ሰሙን (weekend) ብዝብል ሰሙናዊ ዕረፍቲ፣ ሓድሓደ ጊዜውን ካብ መንበሪኻ ፍንትት ቢልካ እተዕርፈሉ፣ ከማኡ ኣብ ባህላውን፣ ስፖርታውን ፖሊቲካውን ዝሕለፈሉ ጊዜ ኮይኑ ይርከብ። ኣብ ሕዝብና እውን ብተመሳሳሊ ሰንበት እታ ዝበዝሕ ስራሕ ዝካየደላ ዕለት ቆጺራ፣ ዕለት ጉዳያት ማሕበራዊ ጉዳያት ከም መርዓ ፍሉይ በዓላት ጽንብላት ምርቃታት ወ.ዘ.ተ. ብምኳን ኣመንቲ ጉዳይ ነፍሶም ክገብሩላ ዝተሓሰበ ብዝሓየለ ጎድኑ ሥጋዊ ነገራት ዝገብሩሉ ኮይና ትርከብ ሰንበት፣ መጨረሻ ናይ ሰሙንን ዕለተ ጉዳያትን ኮይና ምስ እትተርፍ ካብቲ መሰረታዊ ሓሳብን ርድኢትን ስለ እንወጽእ ሰባት ብዛዕባ ምድራዊ እምበር ብዛዕባ ሰመያዊ ከይሓስቡ ዓቢይ መኸላእታ ትኸውን። ነዚ ኩሉ ኣብ ግምት ብምእታው መምርሒ ቤተ ክርስትያን ብምኽታል ከኣ ዓሚቍ ትምህርታዊ መሰረት ሰንበት ኣብ ሕይወት ቤተ ክርስትያን ዘለዎ ትርጉም ምእመናን ብንጹር ክፈልጡ ኣለዎም። ነዚ ብምግባር ከኣ ነቲ ንዘመናት ዝተጓዕዘ ኣሰር ልምዲ ቤተ ክርስትያን ክንክተል ይግባእ። ኣመንቲ ክርስትና ንሕማግማትን ትንሣኤን ክብርን ናይ ኢየሱስ፦

- ብምስማዕ ቃል እግዚኣብሔርን፣
- ኣብ መኣዲ ጎይታ ብምስታፍን ክዝክርዎን፣
- ነቲ ካብ ሞት ብምትንሣኡ ሕያው ተስፋ ዝሃበና፣ ብብዝሒ ምሕረቱ ብሓዲሽ ልደት ዉሉድ ዝገበረና ኣምላኽ ምእንቲ ከነመስግን (1ጴጥ.1፣3) ሰንበት ተሰዓልና። ንሰንበት ቅድስት ጌርካ ምውዓል ልዕሊ ኩሉ ኣብ መኣዲ ጎይታ ብምስታፍ ብክርስትያናዊ መንፈስን ሕይወትን ዕረፍቲ ብምግባር ኢዩ።

## ሰንበት መዓልቲ ጎይታ ሥራሕ ፈጣሪ ነብዕለሉ



1. ዮሓ.1፣3 "ብኣኡ ኩሉ ነገር ኮነ" ይብል። ንክርስትያን ሰንበት በቲ ናይ ዝተንሥኤ ክርስቶስ ክብሪ ዝበርሃት በዓለ ትንሣኤ ኢያ። ንሳ ናይቲ "ሓዲስ ፍጥረት" በዓል ኢያ። ነዚ ብዕምቀት እንኪሓስቦ ካብቲ ኣብ ቀዳሞት ገጻት ናይ ቅዱስ ጽሑፍ ዝነግረና መደብ ኣምላኽ ብዛዕባ ፍጥረት ዓለም ዝፍለ ኣይኮነን። ሓቂ ኣብ ኢዩ ኣብ ምልኣት ጊዜ፣ እቲ ቃል ሥጋ ኮነ (ገላ.4፣4)፣ ብልክዕ ከኣ ብምሥጢረ እንታይነቱን ካብ ዘለዓለም ካብ ኣቦ ብምውላዱን ከኣ ናይ ተፈጥሮ (universe) መሠረትን መጨረሻ ኢዩ። በዚ ከኣ ዮሓ.1፣3 "ብኣኡ ኩሉ ኮነ፣ ብዘይካ ብኣኡ ካብቲ ዝኾነ ብዘይካኡ ዝኾነ የልቦን" ይብል። ሓዋርያ ጳውሎስውን ናብ ቆላስያስ እንኪጽሕፍ፣ "ከመይ ኣብ ሰማያትን ምድርን ዘሎ ኩሉ ዝርኤን ዘይርኤን... ኩሎም ብኣኡ ተፈጥሩን ኢዮም።" (ቆላ.1፣16) ይብል። ኣብ ነገረ ፍጥረት ኣምላኽ ናይ ወልድ ጎላዌ ኣብ ምሥጢረ ትንሣኤ ብምልኣት ተገሊጹ፣ ምኽንያቱ ክርስቶስ ነቶም ዝሞቱ በኹሪ ትንሣኤ ብምኳን ነቲ ሓዲሽ ፍጥረት ኣቆመ፤ እዚ ማለት ነቲ ብሓጢኣት ዝማሰነ ኣረጊት ፍጥረት ብሞቱን ብትንሣኤኡን ሓድሽ ፍጥረት ገበሮ።

2. ኣምላኽ ብመጀመርያ ሰማይን ምድርን ፈጠረ (ዘፍጥ. 1፣1) ዘፍትረት ቅድሚ ናይ ተፈጥሮ ዕምቀት ምርኣይ፣ ነቲ ነዚ ካብ ኢምንት ናብ ጎላዌ ዘምጽኤ ኣምልኽ ዕብየትን ኣምልኾን

ከምዝግብኦ የርኢ። ነገር ተፈጥሮ ዓሚቍ መንፈሳዊ ትርጉም ዘለዎ ታሪኽ ኢዩ፣ ንኣምልኽ ነቲ ፈጣሪ ዝቀርብ መዝሙር ኢዩ። በቲ ሓያልን መሓርን ኣእዳው ኣምልኽ ንዝተሰርሐ ጽባቑ ፍትረት ዝሕብር መዝሙርውን ኢዩ። “ኣምላኽ ጽቡቕ ከምዝኾነ ረኣየ” (ዘፍ. 1፣10፤12)፣ ዓለም ክሳብ ኣብቲ መሰረታ ዝኾነ ኣምላኽ ጸኒዓ ትርከብ ጽብቕቲ ኢያ። ብሰንኪ ሓጢኣት ኣብ ዝተበላሸወትሉ ጊዜ’ውን፣ ብጸጋ ከም እንደገና ጽብቕቲ ኮይና ኣብቲ ዝፈጠራ ተመሊሳ ኢያ። ኣብ ምዝዛም ተፈጥሮ ኣብ መበል ሻብዓይ መዓልቲ ኣምልኽ ካብ ሥራሕ ኣዕረፈ። (ዘፍ.2፣2) በዚ ሰብኣዊ ኣገላልጻ ናይ ኣምላኽ ካብ ሥራሕ ምዕራፍ ኣብ መንጎ ፈጣርን ተፈጥሮን ዘሎ ርክብ ዘርኢ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ብመንጽር ዓለም ናይ ደቂ ሰባት ሥራሕውን ዘብርህ ኢዩ። ሰብ ንዓለም ክነብራ ጥራሕ ዘይኮነስ መሣርሕቲ ኣምላኽ ይኸውን። “ወድሰብ ብኣርኣያን ኣምሳልን እግዚኣብሔር ተፈጥረ፣ ንዓለም ምስ ኩሉ ትሕዝቶኣ ብፍትሕን ቅድስናን ክመልኣ ከኣ ትእዛዝ ተቀበለ፣ (ፍስሃን ተስፋን GS 34)

## ሰንበት፣ ኣምላኽ ዘዕረፈላ መዓልቲ

ኣብ ሻድሻይ መዓልቲ ኣምላኽ ሥራሕ ፍጥረት ምስ ወድኤ ኣዕረፈ (ዘፍ. 2፣2) እዚ ማለት ንኣምላኽ ዕረፍቲ የድልዮ ኮይኑ ዘይኮነስ ናይቲ ዝተፈጥረ ነገራት ምልኣት ኢዩ ዘርኢ። ነቲ ዝፈጠሮ ከኣ ጽቡቕ ምዃኑ ረኣየ (ዘፍ.1፣3)፣ እንኪብል ኣምልኽ ምቶም ዝፈጠሮም ብፍላይ ከኣ ምስቲ ኣኽሊል ፍጥረት ዝኾነ ሰብ ዘለዎ ርክብ ተገልጸን ብምግላጽ ነቲ ብኣርኣያኡን ኣምሳሉን ዝፈጠሮ ናይ ፍቅሪ ኪዳን ምሳኡ ንኪኣቱ ጸውዖም። በዚ ከኣ ኣምላኽ ንኹሎም ደቂ ሰብ በቲ ዘድሕን ኪዳን እስራኤል ኣብ ክርስቶስ ምልኣት ዝረኸበ ድሕነት ወፈየልም። ኣብ መደብ ኣምላኽ ኣብ መንጎ ሥርዓተ-ፍጥረትን ሥርዓተ-ድሕነትን ፍልልይን ርክብን ኣሎ፣ እዚ ኣብ ብሉይ ኪዳን፣ ንሰንበት ኣብ መደብ ኣምላኽ ኣብ መንጎ ሥርዓተ- ፍጥረትን ሥርዓተ- ድሕነትን ፍልልይ ርክብን ኣሎ፣ እዚ ኣብ ብሉይ ኪዳን፣ ንሰንበት ከም ኣምላኽ ዘዕርፈላ ጥራሕ (ዘፅ 20፣8-11) ዘይኮነ፣ ነቲ ካብ ባርነት ግብጺ (ዘዳግ.5፣12-15) ነጻ ብምግባር ምስ ዝሃቦም ድሕነት ዝራኸብ ኢዩ።

## ኣምላኽ ነታ ሳብዓይቲ መዓልቲ ባረኻ ቅድስቲ ከኣ ገበራ (ዘፍ.2፣3)

ትእዛዝ ሰንበት ኣብ መደብ ኣምላኽ ዝተሰረተት ኢያ፣ ከምቲ ካልእ ትእዛዝ ዘይኮነት ካብተን ዓንዲ ሞራላዊ ሕይወት ኣብ ልቢ ደቂ ሰባት ጽሑፋት ዝኾኑ 10 ትእዛዛት ኢያ። እዚ ትእዛዝ እዚ ኣብ እስራኤል ደሃር ከኣ ኣብ ቤተ ክርስትያን እንኪቀውም፣ ከም ሕብረተሰብ መንፈሳዊ መምርሒ ዘይኮነስ፣ ምስ ኣምላኽ ዘሎና መሰታውን ዘይበርስን ርክብ ዝገልጽ ኣብ ቅ. መጽሓፍ ዝኣተወን ዝተዘርግሖን ተገልጸ ኢዩ። ሎሚ ኣመንቲ ነዚ ሓቅዚ ክርድእዎን ከፈልጥዎን ይግባእ። እቲ ኣድላይነት ዕረፍቲ ዕረፍቲ ምስ ሰብኣዊ ድኻምነት እኳ ግድነት እንተኾነ፣ ኣብ ሰንበት ምዕራፍ ግን፣ ነቲ ዓሚቍ ትርጉሙ ክህብና ዝከኣል እምነት ጥራሕ ኢዩ። ስለዚ ብቀዳምነት ሰንበት ኣምላኽ ዝተባረኸትን ዝተቀድሰትን ካብ ካልእ መዓልታት ከኣ ተፈልያ “መዓልቲ ጎይታ” ተባሂላ እትፍለጥ መዓልቲ ኢያ።

- ነቲ ቀዳማይ ትንተና ፍጥረት ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ዝርከብ “ሰንበት ቅድስቲ ኢያ ” ንዝብል ብምልኣት ንክንርድኦ፣ ነቲ ዝኾነ ነገር ናብ ኣምላኽ ይምለስ ንዝብል ሓቂ ምሉእ ታሪኹ ክንግንዘቦ ይግባእ። ምኽንያቱ ቦታን ግዜን ናብ ኣምላኽ ኣምላኽ ኢዩ፣ ንሱ ናይ ኩሉ መዓልታት ኣምላኽ እምበር ናይ ሓንቲ መዓልቲ ኣምላኽ ኣይኮነን።

- ስለዚ ኣምላኽ ነታ ሳብዓይቲ መዓልቲ ናቱ መዓልቲ ክትከውን ብፍሉይ ቡራኬ ዝቀደሳ ካብ ኮነ፣ ዕብየታ ኣብ ፍቅሪ ኣምላኽ ዝተመርኮሰ ስለዝኾነ ኩሉ ሰብኣዊ ሕይወት ኩሉ

ግዜን ናይ ኣምላኽ ውዳሴን ምስጋናን ይኸውን። ርክብ ሰብ ምስ ኣምላኽ ድሙቅ ዕላል ኪኸውን ፍሉይ ጊዜ ጸሎት ይሓትት ። መዓልቲ ኀይታ እበኣኣር ናይዚ ርክብ ሰባት ኣብ ኣምላኽ ዝዓርገላ ናይ መዝሙርን ድምጺ ተፈጥሮን ዕለት ኢያ። በዚ ከኣ ኢያ ዕለተ ዕረፍቲ እውን እትኸውን። ካብቲ ኣህላኽን ዘድክምን ተደጋጋምን ተጽዕኖ ሥራሕ ፈልያ፣ ዕለተ ተሓድሶ ብምኳን ሰብን ንሱ ዝነብረላ ዓለምን ኣብ ኣምላኽ ከምዝገልዩን፣ መሰረት ህላዌኦም ኣባኡ ምኳኑን ዝፈልጡላ ኢያ። "ኩሉ



ነገር ናይ ኣምላክ ኢዩ" ዕለተ ኀይታ (ሰንበት) ከኣ ብተደጋጋሚ ነዚ መሪሕዚ ኣብ ውሽጢ ሰሙን ተመላሊስና ክንዝክሮ ኣሎና። በዚ ከኣ ፍጥረትን (The universe) ታሪኽና ናይ ኣምላኽ ምኳኑ የዘኻኽረና። ብዘይካ ሥሩዕ ኣፍልጦ ናይዚ ሓቅዚ፣ ሰብ ኣብ ዓለም ከም ናይ ኣምላኽ መሣርሕቲ ከገልግል ኣይከኣልን።

- "ንመዓልቲ ሰንበት ቅድስቲ ጌርካ ክትሕልዋ ዘክር" ዘፀ.20፣8 ንዕለተ ሰንበት ድስቲ ኮይና ክትውዕል ዝእዝዝ በዚ ዝስዕብ ምክንያት ኢዩ።

- ኣነ እግዚኣኣብሔር ብሽድሽተ መኣኣልቲ ንሰማይን ምድርን ባሕርን ኣብኣቶም ዘሎ ኩሉን ፈጠርኩ፣ ብሳቦኣይቲ መኣኣልቲ ከኣ ኣዕረፍኩ (ዘፀ. 20፣11) "ቅድስቲ ጌርካ ንክሕልዋ ዘክር" ይብል፤ እቲ ዓቢይን መሰረታውን ሥራሕ ኣምላኽ ፍጥረት ኢዩ፤ ናይዚ ዝኸሪ ከኣ ንናይ ሰብ መንፈሳዊ ሕይወት ብምብራህ ነታ ሰብ ዘዕረፈላ መዓልቲ ይመልኣ። ብዕረፍቲ እምበኣር መንፈሳዊ ግምት ይወስድ። እቲ ኣማኒ ከዕርፍ ጥራሕ ዘይኮነስ ብውዳሴን ብምስጋናን ንኹሉ ፍጥረት ናብ ኣምላኽ ስሒቡ፣ ኣብ ኣምላኽ ከዕርፍ እውን ዝተጸውዔ ኣብ ኦሪት ዘዳግም 5፣12-15 ኣብ መንጎ ዕረፍቲ ሰንበትን ዝክራን ኣመልኪቱ መሰረት ትእዛዝ ኣኽብሮ ሰንበት ኣብ ርእስቲ ናይ ኣምልኮ ዘገርም ናይ ፍጥረት ሥራሕ፣ ብፍላይ ከኣ ካብ ባርነት ግብጺ ብሓያል ኢድ ኣምላኽ ንጻ ዝኾኑላ ብምርኣይ "ንመዓልቲ ሰንበት ከምቲ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ዝኣዘዝኩኻ ቅድስቲ ጌርካ ሓልዋ፣ ሽድሽተ መዓልቲ ዕየ፣ ኩሉ ተግባርካውን ግበር፣ እታ ሳብዓይቲ መዓልቲ ግና ናተይ ናይ እግዚኣብሔር ኣምልኽካ ሰንበት ኢያ። ንስኻ ድማ ኣብ ሃገረ ግብጺ ባርያ ከምዝነበርካ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ከኣ ብጽንዕቲ ኢድን ሓያል ቅልጽምን ካብኣ ከምዘውጻእኩኻ ዘክር፣ ስለዚ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ መዓልቲ ሰንበት ክትሕሉ ኣዘዝኩኻ" ይብል።

## ካብ ሰንበት ኣይሁድ ናብ ሰንበተ ክርስትያን

ሣልሳይ ትእዛዝ እግዚኣብሔር ኣብ ናይ ኣምላኽ ድኅነት ሥርሓት ዝተመርኮሰ ስለዝኾነ፣ ክርስትያን ከኣ እቲ ብክርስቶስ ዝተጸንበለ ሓዲሽ ምጅማር፣ ድህሪ ሰንበት ኣይሁድ ዘላ ቀዳመይቲ መዓልቲ ኀይታ ካብ ሞት ዝተንሥኣላ ዕለት በዓል ገበርዋ። ከመይ ምሥጢረ ትንሣኤ ክርስቶስ ናይ ዓለም ምሥጢረ መሰረትን ናይ ታሪኽ ድኅነት ጥርዝን ዝገልጽ ተገልጸ ክንድዝኾነን ኢዩ። ብትንሣኤ ክርስቶስ ሰንበት ኣይሁድ ምልኣት ረኺባ፣ ካብ ሻብዓይቲ መዓልቲ ከኣ ናብ ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይ ሰሙን፣ ካብ ዕለተ ኀይታ ናብ ዕለተ ክርስቶስ ተሰጋጊራ።

ሰንበት እኒብዕል ብምኽንያት ትንሣኤ ክርስቶስ ኢዩ፣ ቅዱስ ባሲልዮስ "ብትንሣኤ ክርስቶስ ዝኸበረት በኹሪ ዕለታት ቅድስት ሰንበት" ይብላ፣ ቅ.ኣጎስጢኖስ ከኣ "ምሥጢረ ትንሣኤ" ይብላ። ጥቡቅ ርክብ ሰንበትን ትንሣኤ ክርስቶስን ኣብ ምሥራቅን ምዕራብን ዝዋዕውዔ ልምዲ ኢዩ። ብፍላይ ኣብ ባህሊ ምሥራቃውያን ኣብያተ ክርስትያናት ነፍስ ወከፍ ሰንበት "መዓልቲ ትንሣኤ" ኢያ፣ በዚ ከኣ ናይ ኩሉ ብመሰረት እዚ ሕቡርን ኩላውን ባህሊ፣ መኣኣልቲ ኀይታ ኣብ ሥራሕ ፍትረትን ኣብ ቅ.ጽሑፋዊ ምሥጢር "ዕረፍቲ" ኣምልኽን ዝተሰረት ኮይኑ፣ ብምልኣት ንኽንርዳእ ግና ኣብ ትንሣኤ ክርስቶስ ክንርእያ ኣሎና። ሰንበት ክርስትያን ኣብ ነፍስወከፍ ሰሙን ንኣማኒ፣ ንምሥጢረ ትንሣኤ ከም መሰረት ድሕነት ዓለም ኬስተንትንን ኪነብሮን ትመርሕ ኢያ።

ኣብ ወንጌል ከም እንረኽቦ፦

1. ትንሣኤ ክርስቶስ ካብ ሙታን፣ ኣብ ቀዳመይቲ መኣልቲ ናይ ሰሙን (ማር.16፣2፤9 ሉቃ 24፣1፤ 1ዮሓ.20፣1)።

2. ኣብ ሰንበት ንሰብ ኤማሁስ ተራእዮም (ሉቃ. 24፣3-55) ነቶም ዓሰርተ ሓደ ሓዋርያትውን (ሉቃ.24፣36፤ ዮሓ.20፣19)።

3. ድሕሪ ሰሙን ከኣ ሓዋርያት ብሓንሳብ ከለዉ ኢየሱስ ተራእዮም (ዮሓ. 20፣26) ንቶማስ ኣቁሳሉ ብምርኣይ ተላለዮ።

4. ዕለተ ጰራቅሊጦስውን፣ ድሕሪ ፋሲካ ኣይሁድ ኣብ ዘሎ ኣብ ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይተን ሸመንተ ሰሙናት (ግ.ሓ.2፣1) መንፈስ ቅዱስ ዝወረደሎም ዕለት ኮነት(ሉቃ.24፣49፤ግ.ሓ.1፣4-5) እዚ እቲ ቀዳማይ ዕለተ ስብከትን ጥምቀትን ኢዩ፣ (ግ.ሓ.2፣41) በዚ ናይ ቤተ ክርስትያን ምሥረታ ተገልጸ።

## ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይ ሰሙን

በዚ ምኽንያት እዚ ካብ ጊዜ ሓዋርያት ጀሚሩ "ቀዳመይቲ መዓልቲ ድሕሪ ሰንበተ ኣይሁድ" ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይ ሰሙን ሕይወት ተኸተልቲ ክርስቶስ ክትሰርዕ እትጅምር። (1ቆሮ.16፣2) "በታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይ ሰሙን እንገራ ክቁረስ ተኣኪብና፣ (ግ.ሓ. 20፣7-12) እዚ ኣገባብ እዚ ንክርስትያን ካብ ከባቢኦም ዝፈልዮም ፍሉይ ተባይ ኮነ። ኣብ ምጅማር ካልኣይ ክፍለ ዘመን ፐሊኒ እቲ ንእሽቶ ዝበሃል ኣመሓዳሪ ቢታንያ ኣብ ጸብጻቡ ክርስትያን ዝበሃሉ ኣብ ፍሉይ መዓልቲ፣ ፀሓይ ከይወጸ ተኣኪቦ ንክርስቶስ ዝበሃል ኣምላኽ መዝሙር ይዝምሩ... በለ። ክርስትያን ብዛዕባ መዓልቲ ጎይታ፣ ነታ ዕለት ትርጉም ትንሣኤ ብምሃቡ ይዛረቡ፣ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ እቲ ጎይታ፣ (ፊሊጲ.2፣11፤ ግ.ሓ.2፣36፤ 1ቆሮ.12፣3) ሰንበት ልዕሊ ኩሉ ዕለታት ኣገዳሲት ዝገብራ፣ ክርስትያን ነቲ ብጥምቀት ዝተዋህቦም ድሕነትን፣ ኣብ ክርስቶስ ሓደስቲ ፍጥረት ንዝገበሮም ዝዝክሩላ ዕለት ኢያ። "ብጥምቀት ምሳኡ ተቀቢርኩም ብሓይሊ እቲ ካብ ሞት ዝተንስአ ኣምልኽ ብምእማንኩም ድማ ምሳኡ ተንሣእኩም (ቆላ.2፣12፤ ሮሜ. 6፣4-6)።

ሰንበት መዓልቲ እምነት እታ ዝዓበየት ዕለት፣ ሰንበት እታ ዝዓበየት ዕለት እምነት ኮይና ንረኽባ እቲ ናይ ቤተ ክርስትያን ነባሪ ኣዘኻኻሪ ዝኾነ ምክንያቱ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ናይ ክርስቶስ ትንሣኤ ኣብ ነፍስ ወከፍ ተኸታሊ ክርስቶስ ጭቡጥ ዝኾነሉ ስለዝኾነ፣ ኣብ ሰንበት ብስሙ ኣብ ዝግበር ጉባኤ ኣመንቲ ከም ሓቃርያ ቶማስ "ጻብዕትኻ ኣብዚ ኣንብር እሞ ኣእዳወይ ርኤ፣ ኢድካ ኣብ ጎድነይ ምለስ እሞ፣ ኣማኒ እምበር ተጠራጣሪ ኣይትኹን" (ዮሓ.20፣17) ንዝብሎ ክስተማቅሩ ዝተጸውዑ ኢዮም። በዚ ከኣ እዩ ብፍሉይ ኣብ ሰንበት ዝግበር ሥርዓት ቅዳሴ "ጸሎት ሃይማኖት" ንደግም፣ እዚ ከኣ ናይ ጥምቀትን ትንሣኤን ጠባያት ሰንበት እና ኣወጃና ብፍሉይ መንገዲ እቲ ዝተጠምቀ ኣብ ክርስቶስን ወንጌሉን ዘለዎም ቅሩብነት ዘሀድሱን፣ ቃል ወንጌል ብምስማዕን ካብ ጎይታ ሥጋኡ ወደሙ ብምቅባል፣ እቲ ዝተጠምቀ ንዝተንሥኤ ክርስቶስ ኣብዚ ቅዱስ ምልክት (ቅ.ቁርባን) የስተንትን። ምስ ሃዋርያ ቶማስ ኮይኑ ከኣ "ጎይታይን ኣምላኸይን" (ዮሓ. 20፣28) እናበለ እምነቱ ይገልጽ። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው፣ ንሕናውን ኣብዚ ጽንኩር ግዜና እንታይነት ሰንበት ክንሕልዎን ብዕምቆት ክንነብሮን ይግባእ። ኣብ ዝሓለፈ ዘመናት ሰንበት ብሥሩዕ መንገዲ ቅድስቲ ኮይና ትበዓል ነበረት፣ ጸኒሑ ሰንበት ብዕሊ/ሕጊ ከም ዕለተ ዕረፍቲ ተሓጊጋ። መዓልቲ ጎይታ ዝኾነት ሰንበት ንታሪኽ ቤተ ክርስትያን ን 2000 ዘመን ሠሪዓቶ ንርኢ፣ ብኸመይ ድኣ ንመጻኢ ክትሰዖ ዘይትኽእል?

ናይ ዘመንና ተጽዕኖ ጠለባት ሰንበት ክመልእ ኣጸጋሚ ኮይኑ ንርኢ፣ ቤተ ክርትያን ከኣ ከም ኣደ መጠን ከኣ ኩነት ነፍስ ወከፍ ደቃ ብምርኣይ፣ ንርእሳ ሓዲስ ስብከተ ወንጌልን ጉስነታዊ መደባትን ክትሓስብ ትጽውዕ ከምዘላ ትርኢ። ኣብቲ ንቡር ጉዕዞ ሕይወት ደቃ ጸጋታት መዓልቲ ጎይታ ተነፊጉዎም ወይ ተገሊሎ ክትርኢ ኣይትደልን። በዚ መንፈስ እዚ ከኣ ኢዩ ጉባኤ ቫቲካን "ናይ ጎይታና ዕለት እታ ቀንዲ በዓል ምኻና ድማ ምእመናን ክንገሩን ክመሃሩን ኣለዎም" (ቅ.ጉባኤ 106) ዝበል። ሰንበት ትርጉማን ትሕቶኣን ምስ መሰታት እምነትና ዘለዋ ርክብ ብምግንዛብ በዓል ሰንበተ ክርስትያን ክእለ ዘይከኣል ክርስትያንዊ መንነትና ኢያ።

## ሰንበት ዕለተ ቤተ ክርስትያን ኢ.ያ

ክሳብ መጨረሻ ዓለም ምሳካትኩም ኣሎኹ (ማቴ.28፣20) ዝብሎ ቃል መሰረት ሰንበት ናይ ዝሓለፈ ኵነት ዝኸሪ ጥራሕ ኣይኮነትን እንታይ ደኣ ናይ ዝተንሥአ ጎይታ ኣብ መንጎ ሕዝቡ ቀጻሊ ሕያው ህላዌ ኢ.ያ። ነዚ ህላዌ እዚ ብግቡእ ንምንጋሩን ንምንባሩን ተኸተልቲ ክርስቶስ ብግሊ ምጽላይን፣ ሞቱን ትንሣኤኡን ከኣ ብልብኻ ምዝካር ኣኻሊ ኣይኮነን። እቶም ዝተጠምቁ ከም ግለ ሰባት ጥራሕ ኣይኮኑን ዝድሕኑ፣ ከም ኣባላት ሰብነት ክርስቶስ እውን ኢ.ዩ፣ ስለዚ "ንቶም ፋሕ ዝበሉ ደቀ ኣምላኽ ንኽእክብ (ዮሓ. 11፣52) በቲ ሕይወቱ ዝተሰውኤ ካብ ሞት ዝተንሥአ ጎይታ ክእከቡ ዝተጸውዑ ስለዝኾኑ፣ ነቲ ሓቂኛ እንታይነት ቤተ ክርስትያን (ekklesia) ብምልኣት ተኣኪቦም ኪገልጽዎ ናይ ግድን ኢ.ዩ። ንሳቶም ብህያብ መንፈስ ቅዱስ ብክርስቶስ ሓደ ኮይኖም ኢ.ዮም (ገላ. 3፣28)። እዚ ሓድነት እዚ ግልጺ ዝኸውን እቶም ክርስትያን ምስ ተኣከቡ ኢ.ዩ። ሻቡ ኢ.ዩ ንሳቶም "እቶም ዝደሓኑ ምኳኖም ንዓለም ዝምስክሩሉ ምኳኖም ዝፈልጡ።

## ቅዱስ ቍርባን

ቅ. ቍርባን መግለጺ ሕይወት ቤተ ክርስትያን ጥራሕ ዘይኮነስ ምንጪ መሰረታ ኢ.ዩ፣ ቅ. ቍርባን ንቤተ ክርስትያን ይምግባብ የቍማን፣ ከመይ ሓደ እንጌራ ሓደ ሰብነት ጥራሕ ኢ.ዩ ዝሎ፣ ካልኦት ኵልና ኣብቲ ሓደ እንጌራ እንካፈል ጥራሕ ኢ.ና። (1ቆሮ.10፣17)፣ በዚ ወሳኒ ምትሕሓዝ ምሥጢረ ሥጋሁ ወደሙ ናይ ጎይታ፣ ምሥጢረ ቤተ ክርስትያን ይእወጅን ይንበርን። እዚ ውሽጣዊ ቤተ ክርስትያናዊ ጎድኒ እዚ ኣብ ቅዳሴ ክውን ይኸውን። እዚ ኩነት እዚ ግና እቲ ማሕበረ ክርስትያን ናይ ጎይታን ቅ.ቁርባንን ናይ ቤተ ክርስትያንን ምንጪ ሕይወ ኢ.ዩ (ቍ.2177) ቅዳሴ ሰንበት ብዕላውነቱን ግድነቱን ህላዌ ማሕበረ ክርስትያን ኣብ ዝርከብዎን፣ ኣብ ዕለተ ጎይታና ንሞት ዝሰዓረላ መዓልቲ ምግባሩን ነቲ ሓቀኛ ኵነት ቤተ ክርስትያን ይገልጽ። ነፍስ ወከፍ ማኅበረ ክርስትያን "እንጌራ ንምቁራስ" ምስ ኣባላታ እንክትእከብ ሻቡ ምኅጢረ ቤተ ክርስትያን ብጭቡጥ ክውን ይኸውን። በዚ ከኣ ኢ.ዩ "ዕለተ ጎይታ" ዕለተ ቤተ ክርስትያን እትኸውን።

ኣብ ጉስነታዊ መዳይ ናይ ሰንበት ማሕበራዊ ኣበዓዕላ ክጽቀጠሉ ዝግባእ። ኣብ መንጎ ብዙሕ ኣገልግሎታት ቍምስና ከም ሰንበት ኣገዳስን ንቁምስና ከም ማሕበር ዝሓንጽን የልቦን። ጉባኤ ቫቲካን ነዚ ኣመልኪቱ ከምዚ ይብል "… ከምኡ ድማ ቅዳሴ ሰንበት ናይ ሓባር ምስጋና ኣብ ዝፍጸመሉ ጊዜ፣ ኣብ ቁምስና ናይ ሓደ ሥድራ ዝኾነ ሕብረተሰብ ስምዒት ንኽሓድር ጻዕሪ ክግበር ኣለዎ" (ቅ.ጉባኤ ቍ.42) ፣ ኣብ ሰንበት ምትእኽኻብ ጉንያ ዝተገብረሉ ቦታ ሓድነት ኢ.ዩ፣ ነዚ ምልክት ቤተ ክርስትያን ዝኾነ ምሥጢረ ድሕነት ንምቋም ዝበዓል ብስም ቅድስት ሥላሴ ናይ ዝእከቡ ሕዝቢ መርኣያ ኢ.ዩ። ጉባኤ ሰንበተ ክርስትያን ሥድራቤቶም ከም ዘቤታዊ ቤተ ክርስትያን ወለዲ ምስ ደቆም ኣብ ቃልን መኣዲ ሕይወትን እንኪሳተፉ ናይ እንታይነቶምን ተልዕኮኦምን ዝለዓለ መግለጺቶም ኢ.ያ። ኣብዚ ወለዲ ኢ.ዮም ብቀዳምነት ንደቆም ሰንበት ቅዳሴ ክሰምዑ ከስተምህርዎምን ኣብነት ኮኾንዎምን ዝግባእ።

## ሰንበት፣ ዕለተ-ተስፋ

ሰንበት መዓልቲ እምነት ጥራሕ ዘይኮነትስ መዓልቲ ተስፋ ክርስትያን እውን ኢ.ያ። ናይቲ ካብ ሙታን ዝተንስኤ ናብ ሰማይ ዝዓረገ ክርስቶስን ዝኽሪ ምግባር፣ እታ ማሕበረ ክርስትያን ናይ መድኅኒና ዳግም ምምጻእ ብናይ ታሕጓስ ተስፋ ምጽባይ ስለዝኾነ መዓልቲ ተስፋ ክርስትያን ተባሂላ እታ ተስፋ ክርስትያን በዚ ሰሙናዊ ተደጋጋሚ ኣገባብ ተሓዲሳን ተመጊባን ናይ ሰባት መባኾዒትን መብራህትን ትኸውን። ከምቲ ኣብ ነፍስ ወከፍ ቅዳሴ ከማኡ ናብ ናይ ሰንበት እቲ ካብ ሙታን ዝተንሥኤ ጎይታ ኣብ መኣዲ ቃልን፣ እንጌራ ሕይወትን ንኣመንቲ ይራኸቦም።

- ኣብ መኣዲ ቃል እቲ ካብ ሙታን ዝተሥኤ ክርስቶስ ንሓዋርያቱ ዝሃቦ ታሪኽ ድሕነት ብፍላይ ከኣ ምሥጢረ ትንሣኤ ንምርዳእ ይሕግዝ። ከምቲ ኣብ ቃሉ ዘሎ ኣብ ቤተ ክርስትያን ቅዱሳት ጽሑፋት እንኪንበቡ ዝዛረብ ክርስቶስ ኢ.ዩ።

- ኣብ መኣዲ እንጌራ ሕይወት፣ እቲ ካብ ሙታን ዝተንሥኤ ክርስቶስ ብዝኸረ ሕማማቱን ትንሣኤኡን ብኡነት ጎልዊ ይኸውን፣ እቲ እንጌራ ሕይወት ከኣ ንናይ መጻኢ ክብሪ ወፈያ/ ህያብ ይኸውን። ጉባኤ ቫቲካን ካልኣይ "እቶም ንመሥዋዕቲ ቅዳሴ ዘቁምዎ ክልተ ክፍልታት፣ ማለት ሥርዓት ቅዳሴን ኣኰቴተ ቍርባንን ብጽኑዕ መንገዲ ነንሕድሕዶም ተእሳሲሮም ሓደ ተግባር ኣምሳል የቁሙ። ስለዚ ቅዱስ ጉባኤ ንጓሶት ነፍሳት ምእመናኖም ኣብ ቅዳሴ ብፍላይ ከኣ ኣብ ሰናብትን ዓበይቲ ብዓላትን ምሉእ ብምሉኡ ምእንቲ ኪሳተፉ ብተገዳስነት ክምህርዎም ከምዘለዎም ብዉዕዉዕ መንፈስ የተሓሳስቡ" (ቅ. ጉባኤ ቍ.56)።

## ቅዳሴ ሰንበት ናብ ተልዕኮ ዝመርሕ ኢዩ

ተኸተልቲ ክርስቶስ እንጌራ ሕይወት ብምቅጻል፣ ንርእሳቶም ሓይልን መንፈስን ዝተሥኤ ጎይታ ለቢሶም ናብ ዝጽበዮም ዕለታዊ ጉዳያቶም ይምለሱ። ሥርዓት ቅዳሴ ኣብ ውሽጢ ሕንጻ ቤተ ክርስትያን ጥራሕ ዝውዳእ ነገር ኣይኮነን። ከምቲ ቀዳምነት መሰኻኽር ትንሣኤ፣ ኣብ ሰንበት ዝእከቡ ክርስትያን ነቲ ካብ ሙታን ዝተንሥኤ ጎይታ ዘስተማቅሩን ዝእውጁን፣ ኣብ ዕለታዊ ሕይወቶም ክምስክርዎ ንተልዕኮ ዝውዓት ኢዮም። ብዚ ከኣ ካብ ናይ ሰንበት ቅዳሴ ምስተሰናበቱ ተከተልቲ ክርስቶስ ንኣምላኽ ዘሓጉስ ናይ ሕይወቶም ምሉእ ህያብን መንፈሳዊ መስዋዕትን ኪቅርቡ ነናብ ቦትኦም ይምለሱ፣ (ሮሜ.12፣1)።

## ትእዛዝ ሰንበት

ቅ. ቍርባን ሕመረት ሰንበት ስለዝኾነ፣ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ጓሶት ቤተ ክርስትያን ምእመናን ኣብ ሥርዓት ሊጡርግያ ሰንበት ክሳተፉ ካብ ምዝኽኻር ዓሪፎም ኣይፈልጡን፣ ኣብ መጽሓፈ ዲድስቅልያ "ኣብ ሰንበት ንኹሉ ነገር ግደፍ፣ እሞ ናብቲ ጉባኤ ኣመንቲ ኪድ"፣ ምክንያቱ ኣብኡ ንኣምላኽ እትውድሰሉ ኢዩ እናበለ፣ እዚ ናይ ሳልሳይ ክፍለ ዘመን ጽሑፍ ይዝክር። እንተዘይኮነ እቶም ቃል ሕይወት ክሰምዑን፣ ካብቲ ንዘለዓልም ዝጸንሕ መሰረታዊ መግቢ ካብ ምምጋብ፣ ኣብ ሰንበት ክመጹ ዘይክእሉስ እንታይ ምኽንያት ከምጽኡ ኢዮም ? ይብል። ብጠቕላላ ምእመንናን ጽዋዔ ጓሶት ብምስማዕ ሽሕኳ ኩሉ ግዜ ብምልኣት እንተዘይኮነ ኣብ ጊዜ ጸገምን ስደትን ኣብ ነጻነት ሃይማኖት ኣብ ዘይብሉ ሁመታት ከይተረፈ ግቡእ ሰንበት ብትግሃት የማልኡ ነበሩ።

ንኣብነት ኣብ ጊዜ ስደት ክርስትያን ብዘመን ድዩቅልሲያኖስ (ሳልሳይ ክ/ዘ .) ኣብ ሰንበት ምትእኽኻብ ተኸልኪሉ ኣብ ዝነበረሉ ጊዜ፣ ኣመንቲ ክርስትና እዚ ናይ ንጉሥ ኣንቀጽ ክልከላ ከይዓገቶም፣ "ካብ ቅዳሴ ሰንበት ምብኳር ሞት ንመርጽ" ዝብሉ ይርከቡ።ንኣብነት ሰማዕታት ነቶም ከሰስቶም፣ "ክትስገር ስለዘይትከኣል መዓልቲ ጎይታ ኣብዒልና እዚ ሕጊ ኢዩ ብዘይካኡ ክነብር ኣይከኣልን።" ቢሎም ሰማዕትነት መረጹ። ክሳብ ማዕረ ክንድዚ ንሰንበት ክብሪ ይወሃብ ነበረ፣ ሎሚ ግን ጽገማት ሃይማኖትን ስደትን ካልእ ነገራት ዘይብልና ክንስና ሰንበት ኣሽንኳይ ንሙሉእ መዓልቲ ክንቅድሳ ነታ ቅዳሴ ምስማዕ እኳ ጸጊሙና ሰንበት እታ ብሥራሕ ኣዚዩ ዝጸዓቀትን፣ ኩሉ ዓይነት ሓጢኣት ዝፍጸመላ ዕለት ኮይና ክንርኢ ከሎና ከኣ ስኽፍ ዘይብልና ብምኺኑ ኣብ ከመይ ዝበለ ኣረመንነት ከምዘለና ዘተሓሳስብ ኢዩ።

ነዚታት ተገንዚብና ከኣ ኤጳርቅና ከረን ክብሪ ሰንበት ጉዳይ እምነት ስለዝኾነ ኣብቲ ናይ ሓዋርያት ባህልን ልምድን ተመሊስና፣ ኣሰር ቀዳሞት ወለድና ክንስዕብ እሞ ሰንበት ዕለተ ቅድስና ክትኮነልና ነዚ መተሓሳሰቢ ክንጽሕፈልኩም ተገዲድና። ከምዚ ዚኣመሰለ ሽለልትነት ምስ ተራእዩ፣ ቤተ ክርስታያን በብእዋኑ ንሰንበት ዝርኢ ሕጋጋት ገበረትልና። ኣብ ራብዓይ ክ.ዘ . ዝተገብሩ ገለ ጉባኤታት ነዚ ዝስዕብ መምርሒታት ሓደገልና።

- ጉባኤ ኢልቪራ (300A.D.) ኣብ ቀኖና 21፣ ሰንበት ከይመጽኤ ሰለስተ ተኸታታሊ ብዙራት ዝገበረ ዝግባእ መቅጻዕታት ይሕብር፣ ብፍላይ ካብ ሻድሻይ ክ.ዘ. ንደሓር ዝተገብሩ ጉባኤታት (506A.D.) ዝኣመሰሉ። ናይዘን ጉባኤታት ትእዛዛት ናብቲ ኩላዊ ልምዲ ምክባር ሰንበት ይመርሓና፤ ሰንበት ምክባር ግዴታ ምኻኑ ልሙድ ተርእዮ ኮነ።

- ንላቲናዊት ቤተ ክርስትያን ዝርኢ ሕገ ቀኖና ብ1917 ዝወጸ፣ ንመጀመርያ ጊዜ ነዚ ልምድድታት ኣኪቡ፣ ንሰንበት ዝርኢ ኩላዊ ሕጊ ገይሩ ኣቆሞ። እቱ 1983 ዝተሓደሰ ቀኖና ላቲናውያን ከኣ "ኣመንቲ ብሰናብት ዕበይቲ በዓላትን ቅዳሴ ክሰምዑ ኣለዎም" (ቀኖና 1247) ይብል። ከማኡውን ናይ ምስራቃውያን ኣብያተ ክርስታያን ሕገ ቀኖና 881.1 ከማኡ ይብል።

- ካቶሊካዊ ትምህርተ ሃይማኖት ኣብ ቁ. 2181 "እቶም ብፈሊጥ ሰንበት ውራይ ቢሎም ቅዳሴ ዘይሰምዑ ዓቢይ ሓጢኣት ይፍጽሙ" ይብል።

- ምእመናን ዓቢይ መኸላእታ ኣጋጢምዎም እንተዘይኮንይኑ ቅዳሴ ክሰምዑ ግዱዳት ኢዮም ። ጓሶት ነፍሳት ከኣ እዚ ሕጊ እዚ ንኸትግበር ምቹእ ባይታ ክቅርቡ ይግባእ። በዚ ከኣ ንምእምነና ናይ ሰንበትን በዓላትን ቅዳሴ ንምስማዕ ምእንቲ ክኽእሉ ወላ ኣብቲ ሕጽረት ካህናት ዘለዎ ኣቡናት ንካህናቶም ካብ ሓደ ጊዜ ንላዕሊ ክቀድሱ ፍሉይ ፍቃድ ክህብዎም ቀኖና ቤተ ክርስትያን መምርሒ ሂቡ ይርከብ፣ ናይ ምስራቃውያን ኣብያተ ክርስትያን ሕገ ቆኖና ኣብ ቀኖና 294 እዚ ማለት ቅዳሴ ከይሰምዑ ከይውዕሉ ብዝተኻእለ መጠን እቲ ክግበር ዝከኣል ክግበር ከምዘለዎ ዝሕብር ኢዩ።

## ሰንበት ምኽባር

ንሰንበት ምኽባር ብቅዳሴ ምስማዕ ጥራሕ ክድረት የብሉን፣ ዕለተ ሰንበት ካብ ምጅማር ክሳብ ፍጻሜ ናይቲ ናይ ኣምላኽ ናይ ድኅነት ሥራሕ እናተዘከረ ክትውዕል ዘለዋ ዕለት ኢያ። እቲ ሰላም ሓጎስን ናይቲ ካብ ሙታን ዝተንሥአ ጎይታ፣ ካብ ሊጡርግያ ወጻኢ ኣብ ሕይወት ሥድራ ሕዝባዊ ርክባት፣ ናይ ምዝንጋዕ ጊዜያት ኬንጸባርቅ ይግባእ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ሰንበት ከም ጸሎት መቁጸርያ ቡራኬ፣ ካተከዚስ ናይ ምሕረት ስርሓት ዝኣመሰሉ ጽድቂ ንድልበሎም ጉዳያት ክንገብር ይግባእ።

## ሰንበት ኣብ ካህን ዘይብሉ ቦታታት

ኣብ ገለ ቦታታት ናይ ሰንበት ቅዳሴ ክግበረሎም ኣብ ዘይተኻእለ ብሓቂ ዓቢይ ጸገም ኣሎ። እዚ ኩነት እዚ ዋሕዲ ካህናት፣ ብናይ ዓድታት ራሕቅን ፋሕ ምባልን ኪኸውን ይከኣል። ቤተ ክርስትያን ኣብ ቦታታት ቅዳሴ ሰንበት ኣብ ዘይግበረሉ፣ እቶም ምእመናን ኣብ ቁምስንኦም ወይ ቤተ ጸሎቶም ክእከቡ እሞ፣ ከም ልማድ ቤተ ክርስትያኖም ናይ ንጋሆ ጸሎት ብምግባር ናይ ዕለቱ ንባባት ኣንቢቦም ኣስተንቲኖም ኪኸዱ ትምዕድ። እቶም ብሕማምን እርጋንን ካብ ገዛ ኪወጹ ዘይክእሉ ከኣ ብመራኸቢ ብዙሓን ኣቢሎ ብመንፈስ ክሳተፉ ዝከሎም ኮይኑ፣ ምሳኡ ከኣ ቅ. ቁርባን ዘብጽሓሎም ምስ ዚርከብ ኣዚዩ እቲ ሃረርታኦም ምሉእ ይኸውን።

## ሰንበት መዓልቲ ሓጎስን ዕረፍትን ምትሕግጋዝን ኢያ

ክርስትያን ንመዓልቲ ሰንበት ብቀዳምነት ከም ሰሙናዊ መዓልቲ ገይሮም ከም መዓልቲ ሓጎስ ኢዮም ዘውዕልዋ። መጽሓፈ ዲድስቅልያ "ኣብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይ ሰሙን ክትሕጎሱ ኣሎኩም" ይብል፣ ዮሓ. ወንጌላዊ "ሓዋርያት ንጎይታ ምስ ረኣይዎ ተሓጎሱ" (ዮሓ.20፡20) ይብል።በዓለ ሰንበት ነቲ ክርስቶስ ህያብ መንፈስ ገይሩ ዘመሓላልፈላ መግለጺ ሓጎስ ኢያ (ሮሜ. 14፣17፤ ገላ.5፣22) ስለዚ ናይ ሰንበት ምሉእ ትርጉም ክንፈልጥ እንተደለና፣ ነዚ ናይ ሕይወት እምነት ዝኾነ ሓቂ ንኣኡ ክንረክብ ኣሎና። ክርስትያናዊ ሓጎስ ንሙሉእ ህይወት ዝዓምም ኪኸውን ኣለዎ እምበር ናይዛ ሰሙናዊ መዓልቲ ጥራሕ ኪኸውን ኣይግባእን። ዕለተ ሰንበት ከመይ ኣቢልና ከም እንሕጎስ እንመሃረላ መዓልትን፣ ነቲ ሓቀኛ ባህሪን መሰረትን ንረክበሉን ኢዩ። እዚ "ታሕጓስ እዚ" ምስቲ ስምዒታውን ዓሚቑ ዘይኮነን ባህታ ድሕሪ ቍሩብ ጊዜ ዝሃጉግን፣ ንልቢ ዘየሓጉስን ሓድ ሓደ ጊዜ መጺጽ ምስ ዝኾነ ክደባለቅ የብሉን።

ብዓይኒ ክርስትና እዚ ሓጎስ እዚ ቀዋምን ዘጸናኖን ኢዩ። ኣብቲ ጽንኩር ጊዜ ከኣ ጽኑዕ ኮይኑ ሕይወት ዝህብ ኢዩ። እንተዘይኮነ ኣብ መንጎ ክርስትያናዊ ሓጎስን ሰብኣዊ ሓጎስን ምግርጫው የልቦን፣ እቲ ሰብኣዊ ሓጎስ ኣብቲ ክርስትያናዊ ሓጎስ፣ ኣብቲ ሓጎስ ዝኸበረ ክርስቶስ ክብ ብምባል ዝለዓለ መሰረቶም ዝረኽቡ። ከምቲ ር.ሊ.ጳ. ጳውሎስ ሻድሻይ ዝበልዎ፣ "እንታይነት ክርስትያናዊ ሓጎስ ኣብቲ ኣምላኻውን ሰብኣውን ዝኾነ ዓሚቍ ታሕጓስ ኣብ ልቢ ዝከበረ ክርስቶስ ዝርከብ ኣባኡ ምስታፍ ማለት ኢዩ። ቤተ ክርስትያን ኣብ መዓልቲ ጎይታ ነቲ ሓዋርያት ኣብ መዓልቲ ትንሣኤ ንጎይታ ምስረኣይዎ ንዝተሰምዖም ሓጎስ ክትምስክሮ ይግባእ። ቅዳሴ ሰንበት እምበኣር ብሓጎስ ኪከውን ኣለዎ። ነቲ ክርስቶስ ብፍቅሩ ዝቅርበልና ርክብን መኣድን ከመይ ቢልና ክንሓድጎ ንኽእል? እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ እምነት ሰንበት ክርስትያን ናይ ሓቂ በዓል ክትከውን ከምዘለዋ ዘርኢ ኢዩ።

## ሰንበት ምልኣት ሰንበት ኣይሁድ

ናይ ክርስትያን ሰንበት ነቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ሰንበት ምልኣት ኢያ። ከምቲ ዝረኣናዮ ኣብ ዕለተ ጎይታ ብሉይ ኪዳን ምስ ሥርሓት ፍጥረት የተሓሕዛ። (ዘፍጥ.2፣1-3፤ ዘፀ. 20፣8-11) ዘዳ. 5፣12-15)። እቲ ክርስትያን ግና ነቲ ምሥጢረ ትንሣኤ ክርስቶስ ዝኾነ ሓዲሽ ፍጥረትን ሓዲሽ ኪዳንን ኪእውጅ ዝተጸውዔ ኢዩ። ስለዚ ሰንበት ኣይሁድ ብሰንበት ክርስትያን ተተኪኣ ጥራሕ ዘይኮነስ ምልኣት ኢያ ረኺባ። እታ ሻብዓይቲ ብኣምላኽ ዝተባረኸት ምስታ ኣምልኽ ንሰብ "ብኣርኣያኡን ኣምሳሉን" ዘፍጥ.1፣26 ዝፈጠረላ ሳድሰይቲ መዓልቲ ትተሓሓዝ ስለዝኾነት፣ ሰንበት ሰንበት ንኹሉ ሥራሕ ፍጥረት ትዛዝም።

## ሰንበት ዕለተ ዕረፍቲ ኢያ

ንሓያለ ዘመናት ክርስትያን ንሰንበት ዕለተ ኣምላኽ ጥራሕ ደኣምበር ከም ዕለተ ዕረፍቲ ይወስድዋ ኣይነበሩን። ኣብ ራብዓይ ክ.ዘ. ሮማውያን ኣብታ "መዓልቲ ፀሓይ" ዝብልዋ መዓልቲ ካብ ግዙፍ ሥራሕ ኬዕርፉ ምስ ጀመሩ ክርስትያን እውን እዛ መዓልቲ ምስ ሰንበት ብምምጻኣ ብዘይ ጸገም ንርእሳቶም ኣብ ጸሎት ከም ዝጽመዱ ኮኑ። ድሕሪ ውድቀት ዘመን ሮማውያን ጉባኤታት ቤተ ክርስትያን ዕረፍቲ ሰንበት ብዝምልከት መደባት ኪግበር ካብ ሕድሪ ምባል የቋረጹን። ሃገራት ክርስትያን ኣዘዮም ውሑዳት ኣብ ዝኾኑሉ ሰንበት መዓልቲ ጎይታ ብምኻን ምእመናን ንቅዳሴ ዝመጹላ ዕለት ኢያ። ምብርራይ ሥራሕን ዕረፍትን ኣብ ባህርይ ወድ ሰብ ዝተሓንጸ ኮይኑ ብኣምላክ ዝተደልየ ኢዩ፣ (ዘፍ.2፣2-3፤ ዘፀ.20፣8-11)፣ ዕረፍቲ "ቅዱስ" ነገር ኢዩ፣ ምኽንያቱ ሰብ ካብቲ ጽዑቅ ዕለታዊ ምድራዊ ሥርሓት ግልል ቢሉ ኩሉ ነገ ሥራሕ ኣምልኽ ምዃኑ ርድኢቱ ዝሕደሰሉ ጊዜ ኢዩ።ዕረፍቲ ዘይብሉ ሥራሕ ንሰብ፣ ነቲ ኩሉ ነገር ኣባኡ ዝምስረት ፈጣሪ ኣምላኽ ኣብ ምርሳዕ ገጹ ናይ ምምራሕ ሓደጋ ኣለዎ። ኣብ ዘሎናዮ ዘመን፣ ነፍስ ወከፍና ነጻነትና ዕረፍትና ምዝንጋዕናን ሃይማኖታዊ ተግባራትናን ሥድራውን ባህላውን ግላውን ግድነታትና ከነረጋግጽ ኣሎና።ሰንበት ከም ዕለተ ዕረፍቲ ከኣ ምስሊ ምስሊ ደቅሰባት ኢያ ይብሉ ር.ሊ.ጳጳሳት ሊዮ መበል 12 ኣብ Rerum Novarum መልእኽቶም።

## ሰንበት ዕለተ-ምትሕግጋዝ ኢያ

ሰንበት ንኣመንቲ ናይ ምሕረት ናይ ፍቅርን ሓዋርያዊ ተልዕኮን ንምግባር ዕድል እትህብ ዕለት ኢያ።ብዘይ ፍቅሪ ታሕጓስ ክህሉ ኣይከኣልን እሞ ብሰንበት ክነፍቅር ይጽውዓና መድሓኒና፣ "ትእዛዛተይ እንተሓሊኹም ኣብ ፍቅረይ ትነብሩ... ከምቲ ኣነ ዘፍቀርኩኹም ነንሕድሕድኩም ክትፋቀሩ እዚ ትእዛዝ ኢዩ" (ዮሓ.15፣10፣12) ይብለና። ሰንበት ካብ ጊዜ ሓዋርያት ጀሚሩ ምስ ድኻታት ሕውነታዊ ምስታፍ ዝግበረላ መዓልቲ ነበረት (1ቆሮ.16፣2) ኣብዚ ሓሳብ እዚ ተመርኲስና ኣብ ሰንበት ናይ ምሕረት ሥርሓት ምስ እንገብር፣ እታ ዕለት ትቅደስ ንሕና ከኣ ጸጋ ንረክብ።

ብዝተረፈ ካብዚ ወጻኢ ኣብ ዝኾኑ ጉዳያት ምስ እንርከብ፣

1. ሰንበት ከም ዕለተ ኅይታ ኣይትኽብርን
2. ብመንፈስ ኣይንረብሕን፣ ብኣንጻሩ ኣብ ሓጢኣት ንርከብ
3. ትእዛዝ ኣምላኽን ቤተ ክርስትያንን ከኣ ይፈርስ

# መደምደምታ

ብልምዲ ኣቢሉ ዝተመሓላለፈልና መንፈሳውን ሓዋርያውን ሃብትታት ሰንበት ናይ ብሓቂ ዓቢይ ኢዩ። ሰንበት ትርጉሙን ሳዕቤኑን ብትኽክል ብምልኣት ምስ እንርድኦ ናይ ክርስትያናዊ ሕይወት ጽግቀን፣ ንክነብር ከኣ ምኽንያት ይኾነና። ምኽባር ሰንበት ክንየው ትእዛዝ፣ ካብ ዓሚቀ ክርስትያናዊ ሕይወት ዝለዓል ኣድላይነት ኢዩ።



ኩሎም ምእመናን ኣብ ቅዳሴ ሰንበት ብምክፋል እንተዘይኮይኑ ንእምነቶም ክነብርዎ ኣይክእሉን። ነዚ ጉዳይ እዚ ብሓቂ ክርድእዎ ይግባእ። ምኽንያቱ ሰንበት ድሕነቶም፣ ድሕነት ደቂ ሰባት ዘስተንትኑሉ ዕለት ስለዝኾነት ኢያ፣ ኦሪን ዝበሃል "እቲ ፍጹም ክርስትያን ኩሉ ጊዜ ከኣ የብዕላ" ይብል።

ሰንበት ቤት ትምህርቲ ኢያ ፣ ከመይ ክርስትያናዊ ትምህርቲ ንመሃረላ ኢያ፣ ምስዚ ሎሚ ዘሎ ብዙህነት ባህልታትን ጠባያት ሥርሓትን ምዕባሌታትን እምነቶም ብዝምልከት ቀጻሊ ፈተና ስለዝኾኖም፣ ክመሃሩ እምነቶም ኬደልድሉ ኣድላዪ ኢዩ፣ እዚ ከኣ ኣብ ሰንበት ኪገብርዎ እንተዘይክኢሎም ኣጸጋሚ ኮይኑ ይርከብ።

"ክርስቶስ ሠርዓ ሰንበተ፣ ወጸገወነ ዕረፍተ ከመ ንትፌሳሕ ኅቡረ..." (መዝ. ዘኅዳር)።

"ሰንበት ኣክብሩ ሠናየ ግበሩ፣ ቢጸክሙ ኣፍቅሩ፣ ነዳያነ ወምስኪናነ መሀሩ..." (ሰንበት ዘምኵራብ)


ዝተቀምኩሎም ጽሑፋት

1. John Paull II, Dies Domini, 5 July 1998.
2. Jhon L. Meckenzie, Dictionary of the Bible,
3. Ronald De Vaux, Ancient Isarael: its life and Institutions.

# Sunday obligation and
## Valid reasons for missing Mass

The New Catholic catechism on Sunday Mass obligation for Catholics states that:

2182 Participation in the communal celebration of the Sunday Eucharist is a testimony of belonging and of being faithful to Christ and to his Church. The faithful give witness by this to their communion in faith and charity. Together they testify to God's holiness and their hope of salvation. They strengthen one another under the guidance of the Holy Spirit.

2183 "If because of lack of a sacred minister or for other grave cause participation in the celebration of the Eucharist is impossible, it is specially recommended that the faithful take part in the Liturgy of the Word if it is celebrated in the parish church or in another sacred place according to the prescriptions of the diocesan bishop, or engage in prayer for an appropriate amount of time personally or in a family or, as occasion offers, in groups of families."

2184 Just as God "rested on the seventh day from all his work which he had done," human life has a rhythm of work and rest. The institution of the Lord's Day helps everyone enjoy adequate rest and leisure to cultivate their familial, cultural, social, and religious lives.

2185 On Sundays and other holy days of obligation, the faithful are to refrain from engaging in work or activities that hinder the worship owed to God, the joy proper to the Lord's Day, the performance of the works of mercy, and the appropriate relaxation of mind and body. Family needs or important social service can legitimately excuse from the obligation of Sunday rest. The faithful should see to it that legitimate excuses do not lead to habits prejudicial to religion, family life, and health.

2186 Those Christians who have leisure should be mindful of their brethren who have the same needs and the same rights, yet cannot rest from work because of poverty and misery. Sunday is traditionally consecrated by Christian piety to good works and humble service of the sick, the infirm, and the elderly. Christians will also sanctify Sunday by devoting time and care to their families and relatives, often difficult to do on other days of the week. Sunday is a time for reflection, silence, cultivation of the mind, and meditation which furthers the growth of the Christian interior life.

2187 Sanctifying Sundays and holy days requires a common effort. Every Christian should avoid making unnecessary demands on others that would hinder them from observing the Lord's Day. Traditional activities (sport, restaurants, etc.), and social necessities (public services, etc.), require some people to work on Sundays, but everyone should still take care to set aside sufficient time for leisure. With temperance and charity the faithful will see to it that they avoid the excesses and violence sometimes associated with popular leisure activities. In spite of economic constraints, public authorities should ensure citizens a time intended for rest and divine worship. Employers have a similar obligation toward their employees.

2188 In respecting religious liberty and the common good of all, Christians should seek recognition of Sundays and the Church's holy days.

# Teaching and recommendations stated in the Latin rite Code of Canon Law and the Eastern rite Code of Canon Law

| 1990 Code of Canons of Oriental Churches | 1983 Code of Canon Law (for Latin rite Churches) |
|---|---|
| Canon 881 | Canon1246 |
| §1. The Christian faithful are bound by the obligation to participate on Sundays and feast days in the Divine Liturgy, or according to the prescriptions or legitimate customs of their own Church sui iuris, in the celebration of the divine praises. | §1. Sunday, on which by apostolic tradition the paschal mystery is celebrated, must be observed in the universal Church as the primordial holy day of obligation. The following days must also be observed: the Nativity of our Lord Jesus Christ, the Epiphany, the Ascension, the Body and Blood of Christ, Holy Mary the Mother of God, her Immaculate Conception, her Assumption, Saint Joseph, Saint Peter and Saint Paul the Apostles, and All Saints. |
| §2. In order for the Christian faithful to fulfil this obligation more easily, the available time runs from the evening of the vigil until the end of the Sunday or feast day. | §2. With the prior approval of the Apostolic See, however, the conference of bishops can suppress some of the holy days of obligation or transfer them to a Sunday. |
| §3. The Christian faithful are strongly recommended to receive the Divine Eucharist on these days and indeed more frequently, even daily. | Can.1247 On Sundays and other holy days of obligation, the faithful are obliged to participate in the Mass. Moreover, they are to abstain from those works and affairs which hinder the worship to be rendered to God, the joy proper to the Lord's day, or the suitable relaxation of mind and body. |
| §4. The Christian faithful should abstain from those labors or business matters which impede the worship to be rendered to God, the joy which is proper to the Lord's day, or to the proper relaxation of mind and body. | Can. 1248 §1. A person who assists at a Mass celebrated anywhere in a Catholic rite either on the feast day itself or in the evening of the preceding day satisfies the obligation of participating in the Mass. |
|  | §2. If participation in the eucharistic celebration becomes impossible because of the absence of a sacred minister or for another grave cause, it is strongly recommended that the faithful take part in a liturgy of the word if such a liturgy is celebrated in a parish church or other sacred place according to the prescripts of the diocesan bishop or that they devote themselves to prayer for a suitable time alone, as a family, or, as the occasion permits, in groups of families |

## 4 classical Causes that Dispense us from attending
## Mass on a Sunday or a holidays of obligation

Regarding dispensation the commentaries direct to the pastoral care and state that there must be **"a grave reason"** to get it. There are four classical causes that dispense us from attending Mass on a Sunday or a holiday of obligation.



1. **Physical impossibility** (e.g. sick people, prisoners, sailors who have no chaplains, *travelers who have no access to a priest*),

2. **Moral impossibility** (e.g. those who live at a very great distance from a church, soldiers, in the discharge of their calling, those who have been entrusted with the care of small children, nurses and those who care for the sick, those who have to care for cattle, etc. Granted, now that most people have access to multiple Sunday Masses, it is foreseeable that most people in this category could probably go to Mass. If the shift work of a nurse prevents him/her from attending in the morning, there is the evening Mass. If a couple absolutely cannot bring a child to church, one parent could go to the early Mass, and one to a later Mass. But in places where there is only one Mass, the obligation to certain duties of state could legitimately dispense a person from hearing Mass),

3. **Charity** (e.g. those who, though not bound by duty to do so, have reasons for remaining at the bedside of the sick; those who have to assist a neighbor in some great calamity such as a flood, a fire, or other natural disaster; those whose presence at Mass could cause some grievous wrong, such as a huge quarrel, a theft, a duel, etc.), and, last but not least,

4. **Custom** (e.g. -and this is *kind of* dated, but. . . those who, according to the custom of a country, cannot go out without exciting comment and remark: widows in those countries where it is not usual for them to go out for a month after their husband's death, or persons who cannot appear in church without serious embarrassment).

   Now those people who are impeded from going to Mass are still obliged to avoid *unnecessary* servile work; and they are still obliged to sanctify the day, i.e. to keep it holy. This they could (and should) do through extra prayers, and engaging in the works of mercy. God's command still endures, even when we are unable to fulfill the command of the Church.